3ይ ክፋል

# ኣለና - ሳላ ዝተጸመምና !

ኣማኑኤል በርሀ

ንጽናዕሲ ይበሃል ኣሎ - ንምንታይ ኢና ግን ንጸንዕ? መዓስ ኢዩኸ ጽንዓት ዝድለ? ኣበይ ኮንካ ኢኻ እትጸንዕ? ኣየናይ ክፋል ሕብረተሰብ ኢዩኸ ክጸንዕ ዘለዎ? እንተዘይጸኒዕናኸ እንታይ'ዩ ክወርደና? ሕልምኻ ምእንቲ ከተግህድ፡ ራእይኻ ምእንቲ ከተስምር፡ ጉዕዞ ነዊሕካ 'ኣላሽ' ኢልካ ከይትተርፍ፡ ናብ'ቲ ናብ ካልእ ጉዕዞ መበገሲ ዝኾነካ መዕረፊ ምእንቲ ክትበጽሕ፡ ምእንቲ ክትህሉ ኢኻ ትጸንዕ። ኣብ ማሙቕ ቤትካ ኮንካ፡ ናይ ጽባሕ ንድፍኻ ክትሕንጽጽ ከለኻ፡ ሸው ኣትሒዝካ'ዩ ጽንዓት ዘድሊ። ጽንዓት እንተዘይሃልዩካ ግን፡ ኪኖ ናይ ድራር እለት ዝኸይድ ንድፍን ሕልምን'ውን ኣይህልወካን።

> ጽንዓት፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ውሽጥኻ ክትህሉ ዘለዋ ፈልሲ ደኣ'ምበር፡ ኣብ ግዜ ጸገም ጥራይ እተድሊ ጨና ኣይኮነትን

ገና ከይተበገስካ ብትህኪት ዝሰኣልካዮ ትልሚ፡ ናይ ሓጺር ዕለት ጥራይ'ዩ ክኸውን ዝኽእል። "ካብ ንዓመታ ደርሆስ፡ ሎሚ ዘመን እንቋቑሖ" እናበልካ ድማ፡ መዋእልካ ደርሆ ከይጠዓምካ ትነብር። ንህድሞኻ ኣዕኑድ ክትመርጸሉ ከለኻ'ዩ ዝጅምር ጽንዓት። ኣዕኑድ ዝርከቦ ቦታ ርሒቑካ፡ ኣብ ከባቢኻ ብዝረኸብካዮ ሃምባኹ ዕንጨይቲ ኣዕኑድ ተኺልካ፡ ደሓር ህድሞኻ ፈሪሱ ምስ ጸቐጠካ ኣይኮነን ምጽናዕ ዘድሊ። ጽንዓት ምውናን፡ ናይ ነዊሕ ትልሚ ክትትልም ትብዓት ምህላው'ዩ። ጽንዓት እንተዘይሃልዩካ ደኣ'ሞ፡ ነቲ ኣብ ገማግም ሩባ ዝርከብ ስቡሕ መሬትካ፣ ድሕሪ ዓመት ወይ ዓመታት ዝፈሪ ምሩጽ ፍረ ኣብ ክንዲ ምዝራእ፣ መዋእልካ ኣብ መዓልታት ዝፈሪ ሓምሊ ጥራይ እናዘራእካዮ ኢኻ ብዘይ መለሳ ህይወት ትነብር። ጽንዓት እንተዘይሃልዩካ ደኣ፡ ክረምቲ ኣብ ማዕዶኻ ዘሎ ሓቑቕ ፈልፋሊ ምርኣይ ኣብዩካ፡ ማይ ጎንኦ እናሰተኻ ኢኻ እተሕልፎ። ለይቲ ዓቕልኻ ኣጽቢብካ ሓዲርካ፡ ኣንጊህካ ናብ ምብራቕ ምስጠመትካ፡ ክሳድካ ምጥዋይ ተሃኪዩካ፡ ጸሓይ ቅድሚ ሰብካ'ያ ትዓርበካ። ኣብ ጸበባ ወይ ኣብ ራህዋ፣ ኣብ ጽላል ወይ ኣብ ህሮሩማ፣ ኣብ ጎላጉል ወይ ኣብ ስንጭሮ ዝብሃል ሕዙእ ቦታ ጽንዓት የለን። ኩሉ ግዜን ኣብ ዝሃለኻ ሃሊኻን ኢኻ ክትጸንዕ ዘለካ። ጸገም ምስ ተፈጥረ ጥራይ እንተኾንካ ክትጸንዕ እትሓስብ'ሞ፣ ማይ ክዘንብ ምስ ጀመረ መዕቆቢኻ ክትሰርሕ ምጅማር'ዩ። ዋላ'ውን ዝናብ ምስ ገደፎ ጎጆኻ እንተዛዘምካያ'ውን፡ ናይ ሃታ-ሃታ ኮይና ክንደየናይ ከይተጽልለካ!? ከሎ ገና፡ ኣንዊሕካ ጠሚትካ ኣብ ግዜ ህድኣት ንነዊሕ ጽባሕ ዝሓቑፍ ተበግሶ ዘውስድ ራእዩ እንተወነንካ'ዩ ዓወት ዝርከብ።

ሓደ ጸኒዑ ብጸዩ እንተጃጀወ፣ ሓደ እናተጸመመ መጓዓዝቱ ዓቕሉ እንተጽበበ፣ እቲ ሓደ እናጫኾረ፡ መፋጥርቱ ኣብ ጽላል እንተደቀሰ፡ እቲ ሕልሚ ከም'ቲ ዝድለ ኣይገሃድን። በይኑ ዝስጉም ክቕልጥፍ ይኽእል ይኸውን፣ ሓቢርካ ምስጓም ግን ነዊሕ ንኸትጓዓዝ የኽእለካ።



ልምዓት ብጽንዓት

ስለ’ዚ፡ ሓቢርካ ምእንቲ ክትትልምን ሓቢርካ ክሳብ ጥርዚ ዓወት ክትጽዕርን፣ እቲ ጽንዓት ናይ ሓባር ክኸውን ይግባእ። ዝተረበሸ ኣእምሮ ጥዕና ዘለዎ ሓሳባት ከፈልፍል ኣይክእልን። ዓቕሊ ዘጽበበት ነብሲ፡ ኣብ ኢዳ ንዘሎ መፍትሕ ክትደሊ ፈቒድኡ ሸንኮለል ክትብል’ያ ጸሓያ ተዕርቦ። ህዉኽቲ ከርሲ ዘይበሰለ ትምገብ። ህውኽቲ መልሓስ’ውን ውዑይ ቀሚሳ ትነድድ። ዘይጽኑዓት ኣእዛን ድማ፡ መምስ ዝመጽአ ወረ ከላኻዓኻ ይነብራ። ትዕግስቲ ዘይብላ ነብሲ፡ እናስተንፈሰት ምስ ምንባር ከይተላለየት ተሕልፎ። እንተዘይጸኒዕካ ደኣ፡ ኣይትቐስንን፡ ኣይትዕወትን፡ ኣይሰልጠካን. . . አረ ኣይትህሉን’ውን። ንሕና ግን ኣለና፡ ሳላ ዝጸናዕና። ክንህሉ ኢና ድማ፡ ጽንዓት ባህልና ስለ ዝኾነ - ህላወ፡ ከም’ቲ ናይ ብሓቂ ህላወ። ንዓና ጽንዓት፡ ኣብ ናይ ተፋጠጥ እዋን ዝእወጅ ሓይሊ ዝህብ መድሃኒት ዘይኮነ፡ ንዓናስ ሓደ ካብ ደመቕቲ ክብርታትና’ዩ። ግዜ ምርር ክብል ከሎ፡ ክሳብ ሰለስተ ፈቒድካ፡ “ክንጸንዕ ንጀምር” ዝበሃል ግዝያዊ ዓቕሊ ዘይኮነ ከኣ፣ ካብ ክውንነትናን ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታናን ዘጥረናዮ፡ ምሳና ዝዓቢ ሕላገት’ዩ። “ክንጸንዕ ኣለና” ኢልና ዘይኮንና ንጸንዕ ከኣ፣ ከም ኣካል ማሕበራዊ ህይወትና ስለዝኾነ፡ ባዕሉ’ዩ ምሳና ዝጓዓዝ። ከም ኣካል ኣእምሮኣውን ኣካላውን ሓይልና ስለ ዝኾነ፡ ንጽኑዕ መንፈስና ኣሚንና ብምሉእ ርእሰ - ምትእምማን ኢና ንወፍር። ጽንዓት ንዓና፡ እቲ ከም ጾር ክትስከሞ ዝፈኾሰ፡ ብትሕዝቶኡ ግን ዝኸበደ ስንቅና’ዩ። ፈልሱ ካብ ውሽጥና፡ ተኸልቱ ባዕልና ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ፍረኡ ስንቂ ዘልኣለምና’ዩ - ኣብ ጫፍ ናይ’ቲ እንጓዓዞ ርሕቀት ክሳብ ንበጽሕ ዘይውዳእ ስንቂ! በቲ ሓደ ናብ ህንጸት ሰብ ዝወስድ ሓዲድ፣ በቲ ካልእ ኣንፈት ናብ ምክልኻል ሃገር ዘምርሕ መንገዲ፣ ካልእ ጽርግያ’ውን ናብ ልምዓት ሃገር ዝእንፍት፣ በቲ ካልእ ማእዝን ድማ ናብ ካልእ ሽቶ ዘመልክት ጉዕዞታት ብሓንሳብ ኣብ እነበግሰሉ’ውን፣ ጩራታቱ ናብ ኩሉ ኣንፈት እናወረወረ የሰንየናን የሐይለናን። እምበር በዘን ንኹሉ ሰብ ዝተዓደላ መሓውር ጥራይ ደኣ ከመይ ኣቢልካ’ዩ ናብ ኩሉ ማእዝን ብሓንሳብ ክውፈር። ከመይ ኣቢልካኸ ብኣፍራዛ ጥራይ ኣኻውሕ ምተነድለ!? በየናይ ሕልሚኸ ናይ ነዊሕ - ኣዝዩ ነዊሕ - ዓመታት ንድፊ ምተሓንጸጸ። ማና ከይወረደዶ ደኣ እዚ ኩሉ ምተሰግረ። እዚ ኩሉ ክዉን ዝኾነስ፡ ብሓይሊ ጽንዓት’’ዩ።





ሃገር ብትምህቲ ንኽትለምዕ፡ ኣብ ፈቖዶ ኩርባን ስንጭሮን ኣብያተ ትምህርቲ ክትሃንጽ፣ ተማሃራይን መምህርን ኣብ ጉዕዞ ምምሃርን ምስትምሃርን ብዘይ ተጉላባነት ንኽጓዓዙ ጽንዓት የድሊ። ሃገር ብሕርሻ ንኽትለምዕ፡ ምስ ጥብ ዝበለት ማይ እናተቐዳደምካ፡ ውሱን ሰዓታት ድቃስ ከይመደብካ ቆፎኻ ክትመልእ ጽንዓት የድሊ። ሃገር ብህንጻት ንምውቃብ ክሳብ ፈሳሲኻ ዝውዳእ ክትርህጸላ ጽንዓት የድሊ። ውጽኢት ወፍርኻ ንኽተስተማቕር ድማ ጽንዓት የድሊ። ንኽተልምዕ ጥራይ ዘይኮነ፣ ዘልማዕካዮ ንኽተስተማቕር'ውን ጽንዓት የድሊ።እንተዘይጸኒዕካ ደኣ'ሞ፡ ድምጺ ናብ ዘዝሰማዕካሉ ኣንፈት እንዲኻ መገድኻ ክትቅይር። ብካልእ ኣንፈት ብርሃን ምስ ርኣኻ ከኣ ናብኡ ገጽካ ትስጉም። በቲ ካልእ ወገን ዘብህግ ጽላል ምስ ኣማዕደኻ'ውን ኣንፈትካ ናብኡ ትጥምዝዞ። ክሳብ ኣብኡ ትበጽሕ እቲ ዘይጸዓርካሉ ጽላል ዋር-ዋር ትብል ጸሓይ ኣትያቶ ምስ ጸንሓትካ ድማ፡ መሊስካ ኣንፈትካ ትቕይር። ሽንኮለል ኢልካ ከኣ፡ ብዘይ ፍረ ናብ'ታ ዝነበርካያ ትምለስ።
እቲ ጸኒዑ ኣብ'ታ ገዳናኡ ክደላድልን ክጫኹርን ዝገደፍካዮ ብጻይካ ሰዊቱ ክበልዕ ምስ ጸንሓካ ከኣ፡ ብጣዕሳ ትሕመስ። ጽንዓት ምሳኻ ዝዓኾኹ ብጻይ ውሽጥኻ፡ ብጻይ ሕልናኻ፡ ብጻይ ሕልምታትካ፡ ሓዲድ ወፍርታትካ እንተኾይኑ ግን፣ ዓወት ኣእላፋት ብጭደራ እናጸውዕዋ፡ ንሕሹኽታኻ'ያ ትሰምዕ። ትመጽኣካ ድማ - ኬድካያ'ንዲኻ። ዓወታትካ ድማ ንካልኦት ደኣ ከገርሞም ይኽእል'ምበር፡ ንዓኻስ ናብኡ ኢልካ ዝተበገስካሉ ርግጽ መዕረፊኻ'ዩ። ዓወት ከኣ ብምሉእ ርእሰ-ምትእምማን እንተኬድካያ፡ ብዘይ ነግ ፈረግ'ያ ትመጽኣካ - ሽዕኡ'ውን ጽንዓት የድሊ።

ዓወት ንሓፋሽ!!